# ሓዲሽ ኮሮናቫይረስ፡ መምርሒታት

## ጥርጣረታት ኣብ ዝህልወካ ክትገብሮም ዘለካ

**1. እየኖት ምልክታት እየ ክጥንቀቐሎም ዘለኒ?**
ረስኒን ናይ ኢንፍሉኤንዛ ምልክታትን ከም ሰዓል፡ ዝደረቐ ጎሮሮ፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ቃንዛ ጭዋዳ ከምእ ድማ ድኻም ካብ ምልኽታት ናይዚ ሓዲሽ ኮሮናቫይረስ እዮም

**2. ረስኒ ኣለኒ ከምኡ ድም/ወይ ናይ ኢንፍሉአንዛ ምልክታት ኣለኒ፣ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**
ምስ ሓደ በቲ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ጥቡቕ ዝኾነ ርክብ ኣብ ዝሓለፈ 14 መዓልቲ እንተድኣ ሃልዩካ ወይ ድማ ምስ ኮቪር-19 ዝኣልያ ትካላት ጥዕና ትሰርሕ እንተኔርካ፡ ካብ ገዛ ከይወጻኻ ንሓኪምካ ወይ ድማ ንኤሜርጀንሲ ደውለሎም

**3. ኣብ ከመይ ኩነታት እየ ንሓኪም ክድውለሉ ዘለኒ?**
ከም ዝተለኸፍካ ጥርጣረታት እንተድኣ ሃልዩካ ብቐልጡፍ ደዊልካ ብዛዕባ ምልክታትካን ከምኡድማ እቶም ኣብ ቀረባ እዋን ዝረከብካዮም ሰባት ኣብ ሓደጋ ክርከቡ ስለዝኽእሉ መንነቶም ምሕባር

**4. ናይ ስድራቤት ሓኪመይ ደዊለ ክረኽቦ ኣይከኣልኩን፣ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?**
ካብዘን ኣብዚ መርበብ ተዘርዚረን ዘለዋ ናይ ኤመርጀንሲ ቁጽሪ ቴሌፎን ደውል
www.salute.gov.it/nuovocoronavirus

**5. ብቐጥታ ናብ ክፍሊ ኤመርጀንሲ ወይ ድማ ናብ ናይ ስድራቤት ሓኪም ክኸይድ ይኽእልዶ?**
ኣይትኽእልን ኢካ ምኽንያቱ ብዘይ ናይ ሓኪምካ ፍቓድ ብቐጥታ ናብ ክፍሊ ኤመርጀንሲ ወይ ድማ ክሊኒክ እንተኼድካ ናብ ካልኦት ሰባት ክተመሓላፎ ትኽእል እኻ

**6. ብኸመይ መንገዲ ኣባላድ ስድራቤተይ ክከላኸል ይኽእል?**
ኩሉ ውልቃዊ ናይ ጽሬት መምርሒታት ብጉቡእ ምዝውታር (ቀጻሊ የእዳውካብ ብ ማይስ ሳምናን ምሕጻብ) ከባቢኻ ብጽሬት ምሓዝ። ከም ዝተለኸፍካ ጥርጣረታት እንተድኣሃልዩካ ድማ ማስኬራ ምጥቃም፡ ካብ ኣባላት ስድራቤትካ ምርሓቕ ከምኡ ድማ መዓልታዊ ትጥቀመሎም ንብረታት ብጽሬት ብሓዝ

**7. መርመራ ኣበይ ክገብር ይኽእል?**
መርመራ ኣብ ሃገራዊ መመርመሪ ላቦራቶሪ ጥራይ እዩ ዝካየድ። ሓኪምካ መርመራ ክትገብር ከም ዘለካ እንትድኣ ወሲኑ ኣበይን ብኸመይ መንገዲን ክትገብሮ ከም ዘለካ ክሕብረካ እዩ።

**8. ተወሳኺ ርግጸኛ ዝኾነ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ዝኽእል?**
ካብ ናይ መንግስታዊ ኣካላት ዝወጽእ ሓበሬታት ወይ ድማ ምዕባለታት ጥራይ ምውካስ

9 marzo 2020

Ministero della Salute

salute.gov.it/nuovocoronavirus